# ***ሕሰማት ቤት ማእሰርቲ ምስራታ ኣብ ሊብያን ጸዋዒቶምን ፥***

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ሊብያ ምስራታ ኣብዝተባህለ ቦታ 450 ዝኣኽሉ ኤርትራውያን እሱራት ካብዚኣቶም 80 ደቂ-ኣንስትዮ ምዃነን፡ ብዘይካዚ 10 ህጻውንቲ ገለ ካብኣቶም ድማ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝተወልዱ ከምዘለዉን ንዓለም ተነጊሩ። ኩነታት ኤርትራውያን ኣብዝሃለዉ ይሃልዉ ምክትታልን ንዓለም ምቅልሑን ዝናኣድ ስጉምቲ ኢዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኰነስ ነቶም ኣብዝተፈላለየ ሃገራት ሃልዮም ኣብ ምክትታልና ዝርከቡ ኤርትራውያን ከነመስግኖም ንፈቱ። ይኹንበር፡ ጸገም ህዝቢ ንዓለም ብሓደ ጽሑፍ ወይ እውን ብጻዕሪ ውሑዳት ውልቐ ሰባት ጥራሕ ዝውዳእ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ሽግር ውጹዓት ዝባሃልውን ኣይምሃለወን ነይሩ። ስለዚ  ኣብ መላእ ዓለም እንትርከቡ ኤርትራውያን ነዞም ካብ 5 ኣዋርሕ ክሳብ ንልዕሊ ዓመት ዝኣክል ካብ ጸበባ ሃገርና ከነምልጥ ክንብል ኣብ ግሃንም እንርከብ ዘለና ኣሓትኩምን፡ ኣሕዋትኩምን፡ ደቅኹምን ዝኾና ኤርትራውያን ንምድሓና ዝካኣለኩም ጻዕርታት ንኸተካይዱ እንዳተማሕጸና፡ ኩነታት እሱራት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስራታ እንተኾይኑ ግን፡ ካብ ማዓልቲ ናብ ማዓልቲ እንዳገደደ ይኸይድ ምህላዉ እዚ ዝስዕብ ዘስደምም ሓበሬታ  ንኽትከታተልዎ ብጥሪኡ ከምዘለዎ  ከነቕርቦ ኢና።

***ዝስተ ማይ፥***  እንርከበሉ ቤት ማእሰርቲ ናብ ባሕሪ ዝቐረበ ስለዝኾነ እሱራት ክሰትይዎ ዝቐርበሎም ማይ ኣዝዩ ጨዋምን ዘይተጻረየን ብምዃኑ፡ ብዙሓት ካብቶም እሱራት ብናይ ኰላሊት ሕማምን ዓጽረ ሽንትን ክሳቐዩ ይርከቡ ኣለዉ። ነዚ ዝኸውን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ፈጺሙ የለን።

***መግቢ፥*** ዝርካቡ ክሳብዚ ቀረባ ግዝያት ንኸሰዐ ዘታዓሻሹ እኳ ይኹንበር: ድሓን ነይሩ ክባሃል ዝካኣል ዝነበረ፡ ሕጂ ግን ኣዝዩ ተዋሒዱ፡ ናብ ክልተ ግዜ ንማዓልቲ ዝባሃል መቑነን ለጠቕ ኢሉ። ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ብኸብዲ መቕጻዕቲ ተኣታትዩ ይርከብ።

***ሕማም ዓሶ፥*** ብሕማም ዓሶ ዝሳቐዩ ዘለዉ እሱራት ቁጽሮም ካብ 24 ናብ 38 ሰባት ደይቡ ይርከብ፡ መድሃኒት ኣብርእሲ ዘይምህላዉ ጥሜትን ካልእ ሽግራትን ተደራሪቦም፡ ኩነታት እሱራት ናበይ ገጹ ከምርሕ ምዃኑ ንምግማቱ ዘሸግር ኣይኮነን። ካብዚ ጸበባዚ ወጺኡ እስራኤል ከይዱ ክሕከም ዝኽእል ኣእጋር ከምዘይብልና ከኣ ክትርድእዎ ትኽእሉ ኢኹም።

***ዓባይ ሳዓል (TB)*** ኣብ ሓደ 60 እሱራት ብሓንሳብ ዝቕመጥዎ፡ ክፉል ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ድሕሪ ነዊሕ ስቕያት 8 እሱራት ዓባይ ሳዓል ከምዝሓመሙ ብሓኪም ተረጋጊጹ። እንተኾነ እቲ ሓኪም ንሕክምንኦም ዝምልከት ኮነ ንበይኖም ፈሊኻ ንምእላይ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይወሰደን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ኣብ ውሽጢ እሱራት ክሳብ ክንደይ ሞራላዊ ጸገማት ክፈጥር ከምዝኽእል ኩሉ ክግምቶ ዘለዎ ኢዩ።

***ሕማም ቁረ፥*** Pneumonia በዚ ሕማምዚ ዝሳቐዩ ዘለዉ እሱራት 12 በጺሖም ኣለዉ።

***ናይ ኣእምሮ ምዝንባል፥*** ብሰንክቲ ናይ ማእሰርቲ ኩነታትን መጻኢ እትጥምቶ ተስፋታት ዘይምህላውን 16 ካብቶም እሱራት ናይ ኣእምሮ ሕማም ገይርሎም ኣብ ጭንቐትን ዓዛብን ኣለዉ።

***ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ እሱራት፥*** ኣብዚ ግዝያትዚ ወታሃደራት ሓላዋ ቤት ማእሰርቲ ብለይቲ ሰባት እንዳጸውዑ ይወስድዎም ኣለዉ ናበይ ከምዘኣትዉዎም ግን ዝፍለጥ የለን። ክሳብ ሕጂ ብስርቕ ምርቕ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብሓላዋ ተወሲዶም ሃለዋቶም ዘይተፈልጠ 5 ኤርትራውያን በጺሖም ይርከቡ።

እቲ ጭቡጥ ኩነታት ቤት ማእሰርቲ ኤርትራውያን ኣብ ሊብያ ምስራታ እዚ ዝተጠቕሰ ኰይኑ፡ ንምድሓን ናይዞም እሱራት ዜጋታት እዚኣቶም መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ምንቅስቓሳት ዝርከቡ ግዱሳት ኤርትራውያንን፡ ሰብኣውያን ማሕበራትን፡ ኣብ መላእ ዓለም ናብዘለዉ ኢምባሲታት መንግስቲ ሊብያ መዘክር ንኸተቕርቡን፡ ቅዳሕ ናይ መዘክርኩም ናብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ናይ ዓረብ ሊግ፡ ናይ ኣፍሪቓ ሓድነት ውድብ፡ ናብ ኣህጉራውን ዞናውን ናይ ረዲኤትን፡ ተሓለቅቲ ሰብኣዊ መሰላትን ዝኾና ዘይመግስታዊ ትካላትን ዘለናዮ ሃለዋት ንኸተብጽሑልናን፡ እቶም ኣብ ዓዲ ሰላምን ዲሞክራስን እትነብሩ ኤርትራውያን ኣካልኩም ምኻና ተገንዚብኩም ኩሉ ዝካኣለኩም ዘበለ ጻዕርታት ንኸተካይዱን ብትሕትና

**ንሓትት። ከምዚ ዝኣመሰለ ድፍኢትን ጸቕጥን እንተዳኣ ተገይሩ ድማ ፍረ ክርከቦ ከምዝካኣል ሰብ ብዙሕ ተስፋ ኢና።፣**

**ሓውኹም ዮናስ ፍሳሃጼን ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስራታ፣**
**ንዝያዳ ሓበሬታን ምክትታልን ቁጽሪ ስልኪ፣** (+218) 924795483